ኣልሁዳ

www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (17)01.02.2006

## ትሕዝቶ ሓታም


- መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (3)ረሒም ምኻን...........2,3
- ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም (ምቁራጽ ዋሕይ).................4,5)
- ሓፈሻዊ ትንተና ሓሙሽተ ዓንድታት እስልምና(ቁ:3 )...6,7
- ኣብ ትሕቲ ጽላል ሒያ ናይ ቁርኣን ( ቶባ ምግባር)..........8


## ርእሰ-ዓንቀጽ:

ኣልሓምዱሊላህ ረቢልዓለሚን:ንረብና እቲ ማእለያ ዘይብሉ ልግሲ ዝለገሰልናን ነዛ ኣልሁዳ ሕታም ቁ:17 ኣብ እተወሰነትሉ ግዜኣ ከነውጻኣ ዘብቃዓና ኣላህ ምስጋናና ነመሓላልፍ::
ብሰንኪ ውሕደት ናይ ዝሳተፉ ሰባትን:ብሰንኪ ትሑትነት ናይ ዓቕሚን ነዛ ከም ንእሽቶይ መጽሓፍ እሞ 32 ገጽ ጸንቢራ ትወጽእ ዝነበረት መጺሔትና በዚ ሓድሽ ቅርጻ 8 ገጽ ሒዛ ንኣንበብታ እነሄት ትበጽሕ::

ክቡር ኣንባቢ:ንዝኾነ ስራሕ ወላ ሓንቲ ገጽ ንምጽሓፍን ንምቱርጓምን ድልየትን ተጋድስነትን ኣብ ርእሲ ምሕታት ተጻዋርነትን ትዕግስትን እውን ኣዝዩ ኣድላዪ ከምዘድልዮ ኣንባባይ ዝስሕቶ ኣይመስለናን::ንሓደ ስራሕ ብፍላይ ነቲ ንእስላማዊ ዳዕዋ ጻውዒት ዝምልከት ቀጻልነት ንኽህልዎ ምስቲ ብረቢ ዘለካ እምነትን ካብኡ እትረኽቦ ሳዕብን ሓጎስን ድልዱል ምስዝኽዉን እዩ ንኽምዚ ዝኣመሰለ ስራሕ ዋሕስ ናይ ቀጻልነት ዝረክብ::
ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢና ኻኣ ንሕና እቲ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ነዚ ስራሕ ክንሰርሕ ተደሪኽና::እቲ ዘሕጉስ ካኣ ብዙሓት ኣሕዋት ብመጺሔትና ሕጉሳት ከምዝኾኑ እሞ ቀጻልነት ንኽህልዋ ንዝሓበሩናን ንዝተመነዩልና ኻኣ ብዙሕ ነመስግኖም::
ዝኾነ ኣወንታዊ መኣረምታን ሓሳብን ካብ ምሃብ ካኣ ኣይትቆጠብ:ናይ ጽሕፈት ስራሕ ምስ ግዜን ምፍታንን እናተመሓየሸ ስለ ዝኸይድ ነዚ ዝረአ ዘሎ ጉድለታት ካኣ ብናትካ ተሳታፍነት እናወሓደ ከምዝኸይድ ተስፋና ብዙሕ እዩ:

ኣሰናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ

# ዳዕዋን  ኣገባቡን

## መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (3) ረሒም(ርህሩህ) ምዃን:

ብኣቡ ዓብዱራሕማን

**ረሒም(ርህሩህ) ምዃን:**
ካብቲ ኣገዳሲ ዝኾነ መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ ( ሰባኻይ):ራሕማ( ርህራሄ እዩ:ግን ቅድሚ ናይ ርህራሄ ኣገዳስነት ምጥቃስ ንራሕማ ዝምልክተ ኣብ ሱና ዘተጠቕሰ ከቕርብ እየ::ረሱል ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዝበልዎ:

**(ንሰብ ዘይርሕም( ዘይርህርህ) ብረቢ ኣይራሓምን እዩ.) (ርህሩሃት ዝኾኑ ሰባት ኣላህ ይርህርሃሎም: ኣብ መሬት ዘለዉ ሰባት ራህርህሎም ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣላህ ክርህርሃልኩም) ብሰንኪ ዘይምርህራህን ዓመጽን እዉን ሓንቲ ሰበይቲ ብሰንኪ ድሙ ኣብ ሓዊ ገሃነም እትያ እያ::ኣብ ገዛ ኣሲራ ኣየብለዓታ ወይ ደገ ወጽያ ንኽትበልዕ ካኣ ኣይገደፈታ::**

ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ረሱል መምህር ናይ ደቂ ሰባት ሓደ ካብቲ ብዙሕ ጽቡቕ መለለይ ጠባያቶም ርህሩህን ሸፋቕን ምዃኑ እዩ::ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣሕዛብ ኣያ ቁ:43 ይብል:

هُوَ الَّذِي يُصَلِّي عَلَيْكُمْ وَمَلائِكَتُهُ لِيُخْرِجَكُمْ مِنْ الظُّلُمَاتِ إِلَى النُّورِ وَكَانَ بِالْمُؤْمِنِينَ رَحِيماً (43)

ቀንዲ ዕላማ ረሱል (ልኡኽ) ሙሓመድ ሰላላሁ ዓለይሂ ውሰለም ንመላእ ዓለም ካብ ጸልማት ናይ ክሕዳን ናብ ብርሃን ምስልምና ከእቱ እዩ ኔሩ::ነዚ ንምትግባር ካኣ ተጸዋርነትን ርህራሄን ብዝመለኦ ጠባይ ተዓንጊሉ እዩ ስብከቱ ዘካይድ ዝነበረ::
ስለዚ ሓደ ሰባኻይ ናብ ምስልምና ዝጽውዕ እዚ ኣገዳሲ መለለይ ጠባይ ናይ ርህራሄ( ረሒም ምዃን) ከማልእ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ::ልቡ ርህሩህን ሸፋቕን ንሰብ ጽቡቕ ምድላይን ንጌጋታቶም ምእራምን ምምዕዳን ዘማለአ ጠባይ ዝዓይነቱ ከማልእ ኣለዉ::ኩላትና ከምእንርደኦ ቀንዲ ዕላማ ናይ ሓደ ዳዒ ነቶም መንገዲ ቅንዕና ዝሳሓቱ እሞ ኣብ ዝንቡዕ ናይ ድንቁርና ጸልማት መንገዲ ዝጣሓሉ ነዐኦም <u>ብኣገባብ ናይ ስብከት</u> ናብ መንገዲ ሓቂን ቅንዕናን: መንገዲ ብርሃን ምስልምና: ንምእታው እዩ::
እዚ ስራሕ ናይ ዳዕዋ ካኣ:ልክዕ ከምቶም ንደቅኻ ካብ ሕማቕ መንገዲ ክትኣሊ ኢልካ እተካይዶ ጻዕርን እትጽመሞ: እሞ ብርህራሄ ዝመለኦ ኣቀራርባ እትቐርቦም: ልክዕ እዉን: ነቶም መንገዲ ስሕታን ዝተኸተሉ ብተመሳሳሊ  ብርህራሄ ክትቀርቦም ናይ ግድን ይኸዉን::

ኣብዚ ክንፈልጦ ዝግባእ ኩሎም ካብ ኣላህ እተላእኩ ኣንቢያእ እውን ንሕብረተሰቦም ካብ ስቓይ ናይ ገሃነም ከድሕኑ ዘይሕለል ጻዕሪ ከምዘካየዱ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ::ነዚ ንምትግባር እውን ኣዝዮም ተጸሚሞምን ተዓጊሶም እዮም::
እነህ ውን ኣላህ ብዛዕባ ሰይድና ኖሕ  ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ኣያ:56:ከምዚ ይብል:

لَقَدْ أَرْسَلْنَا نُوحاً إِلَى قَوْمِهِ فَقَالَ يَا قَوْمِ اعْبُدُوا اللَّهَ مَا لَكُمْ مِنْ إِلَهٍ غَيْرُهُ إِنِّي أَخَافُ عَلَيْكُمْ عَذَابَ يَوْمٍ عَظِيمٍ (59)

እዛ ጥቕሲ ከም እትገልጾ:ኖሕ ናብ ህዝቡ ተላኢኹ ከብቅዕ:ከምዚ ክብል ተዛረቦም:ንኣላህ ተገዝእዎ:ብዛይካኡ ኣላህ የብልኩምን:ነዚ ምስ ዘይትገብሩ ግን:ኣብ  ዮም ኣልኣኼራ( መዓልቲ ፍርዲ) ከቢድ ስቓይ ከይወርደኩም እፈርሃልኩም ኣለኹ::
ነዛ ቃል :ከቢድ ስቓይ ከይወርደኩም **እፈርሃልኩም** ኣለኹ እትብል:ካብ ርህሩህን ሸፋቕን ዝኾነት ልቢ እያ እትወጽእ::
ግን ህዝቢ ኖሕ ከምዚ ክብሉ መለስሉ:ኣዚኻ ስሒትካ ኢኻ ዘለኻ:መንገዲ ጠፊኡካ እዩ በልዎ:

قَالَ الْمَلأُ مِنْ قَوْمِهِ إِنَّا لَنَرَاكَ فِي ضَلالٍ مُبِينٍ (60)

ኖሕ  ልኡኽ ናይ ኣላህ ስለዝኾነን እቲ ናይ ስሕታን መንገዲ ባዕላቶም ዘለዉዎ ከምዝኾኑ ብሉምሉም ርህራሄ ዝመለኦ ኣዘራርባ ተዛረቦም::ማለት መልሶም ኣየሕረቖን::እቲ ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ሓደ ዳዒ ወይ ሰባኻይ ብመልሰ-ግብሪ ናይ ካለኦት ክሓርቕ የብሉን::ምኽንያቱ ኣብ ናይ ድንቁርናን ዘይምፍላጥን ዝርከቡ ሰባት ብሰንኪ ድንቁርነኦም: ዘይእሩም ዘረባ ክዛረቡ ስለ ዝኽእሉ::ዕላማ ናይ ዳዒ ኻኣ ናይ ነፍሱ ኩነታት ኣይኮነን ዘገድሶ: እንታይ ዳኣ: እቲ ኣብ ጸልማት ዘሎ ሰብ ከመይ ጌሩ ናብ ብርሃን ምስልምና ንኽሰጋገር እዩ::
ሰባኺ ንዝኾነ ኣብ መንገዲ ዳዓዋኡ (ስብከቱ) ዘጓንፎ ጸገማትን: ዝገጥሞ ዕንቅፋትን: ብፍላይ ካብቶም ጻውዒት ዝቐርበሎም ሰባት: እሞ ነዚ ዝቐርበሎም ዘሎ ጻውዒት ኣብ ክንዲ ምቕባል በንጻሩ ሕማቕ ዝኾነ ዘቖጥዕን

ዘሳቕይን መልሲ ይምልሱ::እዚ ዓይነት መልሰ-ግብሪ ነቲ ምእንቲ ኣላህ ኢሉ ጻዊዒት ዘቕርብ ዘሎ ሰባ'ኺ ልቡ ኣዕቢዩ ክገጥሞ ይግባእ::
ብሰንኪ ብረቢ ዘተለገሰሉ ኢማን: እቲ ዳዒ ሰባ'ኺ ናብ ክብ ዝበለ ቦታ ከምዝላዓለ ክፈልጥ ኣለዎ::ስለዚ ዝኾነ ካብቶም ትርጉም ኢማን ዘይፈልጡ ዝምንጭው ሕማ'ቕ ጠባያት ከሕርቖ ኣይግባእን::በንጻሩ ዕሽሽ ክብሎ ኣለዎ::
ኣብነት ናይዚ ንዓና እውን ኣብ ናይ ረሱል ሂወት ወይ ሲራ ብንጹር በሪሁ እዩ::ረሱል ኣብቲ ፈለማ ዳዕዋ ዝጀመረሉ ካብ ህዝቢ ቁረይሽን ካብ ካለኦት ቀቢላታት ዝረኸቦ ናይ መንጸግቲን እከይ ዘረባን:ንኣላህ ከምዚ እናበለ ጻዊዒቱ ይገብር ንበረ: ( ኣልላሁማ ኣህዲ ቀውሚ ፈኢናሁም ላያዕለሙን)) ኦ ኣላህ ንህዝበይ ናብ ጽቡ'ቕ መንገዲ ምርሓዮም:ትርጉም እዚ ጻውዒት ይፈልጥዎ የለዉን::

ክቡር ኣንባቢ እቲ ኣብዚ ክንፈልጦ ዝግባእ :እንተዳኣ ሓደ ዳዒ (ሰባ'ኺ) ን'ኻለኦት ብዓይኒ ርህራሄን ሸፈቓን ይሪኦም ኣሎ: ንካብኦም ዝምንጭው ሕማ'ቕ ጠባያት ዕሽሽ እናበለን ይ'ቕረታ እናሓተተን እዩ ዝቐርቦም::

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልዒምራን ኣያ ቁ:( 159) ንረሱል ከምዚ ክብል ተዛረቦ:

فَبِمَا رَحْمَةٍ مِنْ اللَّهِ لِنْتَ لَهُمْ وَلَوْ كُنْتَ فَظّاً غَلِيظَ الْقَلْبِ لانْفَضُّوا مِنْ حَوْلِكَ فَاعْفُ عَنْهُمْ وَاسْتَغْفِرْ لَهُمْ وَشَاوِرْهُمْ فِي الأَمْرِ

ሓደ ዳዒ ብሓቂ ሸፈቓ ዘይብሉ ልቡ ተሪር እንተዳኣ ኮይኑ:ሽሕኳ እቲ ዝዛረቦ ዘረባ ሓቂ ይኹን ካብ ካለኦት ብዘይካ መንጸግቲ ካልእ ኣይክረክብን እዩ::ስለዚ እዩ እምበኣር ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ንረሱል ክምጉስ ከምዚ ክብል እተዛረበ: فَبِمَا رَحْمَةٍ مِنْ اللَّهِ لِنْتَ لَهُمْ وَلَوْ كُنْتَ فَظّاً غَلِيظَ الْقَلْبِ لانْفَضُّوا مِنْ حَوْلِكَ:እወ ብኣላህ እተለገሰሉ ርህራሄን ሸፈቓን ስለ ዝወነነ እዩ ነቶም ኣብ መጀመርታ ዳዕዋ ዝገበረሉ ዝነጽግዎ ዝነበሩ ዳሕራይ ሓቅነት ናይ እስልማና ጻውዒት ምስ በራሃለሞን ክንደየናይ ረሱል ይሽፍቐሎምን ይርህራሃሎምን ምስ ፈለጡ እዮም መንገዲ ምስልምና ዝተቐበሉ::

እቲ ኣብዚ ክንማሃሮ ዘለና:ንሕና ኣብቲ እናካይዶ ጻውዒት ድዕዋ እዚ ናይ ረሱል ኣገባብ ዳዕዋ ክንክተል ይግባእ::ርኢቶና ሓሳብናን ስለ ዘይተቐበሉ ብሕማ'ቕ ክንቀርቦም ወይ ብኣኦም ብሕማ'ቕ ምዕላል እስላማዊ ጠባይ ኣይኮነን::

ጻውዒት ናብ ምስልምና ብምግዳድን ርኢቶኻ ብሓይሊ ምትግባርን ኣይኮነን::እንታይዳኣ ካብ ፍትወትን ራሕማን( ርህራሄን ዝተላዕለ ንኣሕዋትካ መንገዲ ቅንዕና ምርኣይ እዩ::)እዚ ን'ኽትፍጽም ካኣ ርህሩህ ክትከዉን ይግባእ::

ኣብ መጻኢ ሕታም መጺሔት ኣልሁዳ ካኣ ኢንሻኣላህ ብዛዕባ ካብተን ኣገደስቲ መለለይ ጠባይ ናይ ምስልምና) ኣልተዋዱዕ( ትሕተኛ ም'ኻን) ክንገልጽ ም'ኻና ክንሕብረኩም ደስ ይብለና))

ዱዓ'ኹም ካኣ ኣይትረሱዑና:ሓው'ኹም ኣቡ ዓብዱራሕማን

# ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም:ሲራ ናይ ረሱል

**ምቁራጽ ዋሕይ:**

ኢብኒ ሳዓድ ዝባሃል:ኢብኒ ዓባስ :ኣምላኻዊ መልእኽቲ ካብ ምውራድ( ማለት ዋሕይ)ገለ መዓልታት ጠጠው ኢሉ ኔሩ ክብል ሰሚዐዮ ይብል:ድሕሪ ጥንቁቕ መጽናዕቲ ምግባር እዚ ዘረባ:እቲ ንሓቂ ዝቐረበ:ኣበሃህላ ይመስል::ንሰለስተ ዓመትን ፈረቓን :ኣምላኻዊ መልእኽቲ ካብ ምውራድ( ማለት ዋሕይ) ጠጠው ኢሉ ኔሩ ዝብል ሓሳብ ቅኑዕ ኣይኮነን::ኣኒ ኣዕሚቕና ክንትንትኖ ቦታኡ ኣይኮነን::
እቲ መልእኽቲ ናይ ኣላህ ምውራድ ምስ ኣቋረጸ ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣዝዩ ሓዚነ::
ከምቲ ኣቐድም ኣቢልና ዝራኣናዮ ብዙሕ ግዜ ካብ ነዋሕቲ ጸድፍታት ጸዲፉ ክመዉት ከምዝሃቀነን:ግን እቲ መልኣኽ ዝመጸ ዝነበረ ጂብሪል ግን ብቅድሚኡ መጺኡ ብምዕጋት:ኦ ሙሓመድ እስኻ እኳ ብርግጽን ብሓቅን ናይ ኣላህ ልኡኽ ኢኻ:ብምባል ኣህዲኡን ኣዝሒሉን ንገዝኡ ይመልሶ ከምዝነበረ ይፍለጥ::
እዚ ናይ: ነፍሲ- ቅትለት ፈተነ: ኩሉ ግዜ መልእኽቲ ናይ ኣላህ (ዋሕይ)ክድንጉይ ከሉ ይፍትን ነበረ::
ጅብሪል ግን በቲ ተጠቂሱ ዘሎ ኣገባብ ጌሩ ፈተንኡ ከይፍጽም ይገትኦ ነበረ::

**እንደገና ጂብሪል ዋሕይ ሒዙ ምውራድ ጀመረ:**
ኢብኒ ሃጅር ምኽኒያት መልእኽቲ ናይ ኣላህ ጠጠው መበሊኡ ብኸምዚ ዝስዕብ ይርደኦ::ምቁራጽ ዋሕይ ምውራድ ነቢይና ሙሓመድ ኣትይዎ ዝነበረ ፍርሂ ንምህዳእን ብኣንጻሩ እኳ ዳኣ ንዕኡ ማለት ንዋሕይ ክመጾ ክህንጠይ ንምግባር ዝዓለመ እዩ ኔሩ::
ነቢይና ሙሓመድ ፍርሁ ምስ ከደሉ:እቲ ሓቂ ምስ ተረደኦ ልኡኽ ናይቲ ልዑል ኣላህ ክኸዉን ከምተመርጸ ኣዓሪዩ ፈለጠ::እቲ ዝራኣዮ መልኣኽ ካኣ ልኡኽ ናይ መለከታዊ መምርሒ ጥራይ እዩ ክኸዉን ዝኽእል ብምባል ሓሰበ::

በዚ መሰረት ካኣ ነቲ መልእኽቲ ሃረር ኢሉ ብትዕግስትን ጽንዓትን ክጽበ ካኣለ::
ብኻሪ ካብ ጃብር ቢን ዓብደላህ ብዛዕባ ምቁራጽ ዋሕይ ኣብ ጸብጻብ ከምዘቕርቦ :ረሱል ከምዚ ይብሊ:

(( እንዳኸድኩ ከለኹ ድምጺ ሰማዕኩ እሞ:ቁልሕ በልኩ:ብርግጽ ካኣ እቲ ባዕቲ ሒራእ ዝመጸኒ ዝራኣኽዎ መልኣኽ ኣብ መንጎ ሰማይን መሬትን ኣብ ሰድያ ኮፍ ኢሉ ረኣኽዎ:ኣዝየ ፈራህኩን ኣብ መሬት ካኣ ተምበርከኽኩን:ሸፍኑኒ ሸፍኑኒ እንዳበልኩ ኻኣ ተዛህሊለ ከለኹ ንገዛይ በጻሕኩ:ቀጺሉ ኣላህ እዘን ዓንቀጻት ኣውረደለይ:

يَا أَيُّهَا الْمُدَّثِّرُ (1) قُمْ فَأَنذِرْ (2) وَرَبَّكَ فَكَبِّرْ (3) وَثِيَابَكَ فَطَهِّرْ (4) وَالرُّجْزَ فَاهْجُرْ (5)

ኦ:ኣንታ እትሸፈን ዘለኻ:ተስእ
ኣጠንቅቕ:ንጎይታኻ(ኣላህ)ሞግስ:ክዳንካ ኣጽርይ:ካብቶም ጣኦታት
( ኣሩጅዝ)ተኣላይ:ርሓቕ:ብድሕሪ እዚ መልእኽቲ ናይ ኣላህ ብተዳጋጋሚ ብስሩዕ ኣገባብን ክመጸኒ ጀመረ::

**ብግልጺ ጉዳይ ዳዕዋ ምፍጻምን( መልእኽቲ ናይ ኣላህ ምምሕልላፍ( ትሕዝቶ እቲ መልእኽቲ:**

እታ ናይ ፈለማ ዋሕይ( መልእኽቲ ኣላህ)ብርክት ዝበሉ:ውሑዳትን ግን ካኣ ኣዝዮም ብዙሕ ትሕዝቶ ዝሓዘሉ:ሓያላት ውጺኢታዊያን ውሳኔታት ዘማለአት ነበረት::እቲ መልኣኽ( ጂብሪል) ግልጺ መልእኽቲ ከምዚ ክብል ኣመሓላለፈሉ:

يَا أَيُّهَا الْمُدَّثِّرُ (1) قُمْ فَأَنذِرْ (2) وَرَبَّكَ فَكَبِّرْ (3) وَثِيَابَكَ فَطَهِّرْ (4) وَالرُّجْزَ فَاهْجُرْ (5) وَلا تَمْنُنْ تَسْتَكْثِرُ (6) وَلِرَبِّكَ فَاصْبِرْ (7)

ኦ:ኣንታ እትሸፈን ዘለኻ:ተስእ
ኣጠንቅቕ:ንጎይታኻ(ኣላህ)ሞግስ:ክዳንካ ኣጽርይ:ካብቶም ጣኦታት (ኣሩጅዝ)
ተኣላይ:ርሓቕ:ዕጽፍታት ክምለሰልካ ኢልካ ኣይትሃብ (ኣይትትኮብ):ምእንቲ ጎይታኻ ዕጉስ ኩን:ናይ ኣላህ ግቡእካ ፈጽም::

ቀንዲ ሓሳባት እቲ መልእኽቲ ብቐሊሉ ንምርዳእ:ነቲ መልእኽቲ መቓቒልና ንርኣዮ:

1. (**ተስእ ኣጠንቅቕ**) ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ምጥንቃቕ ንዝኾነ ሰብ ኣብዚ ዓለም ዝነብር መልእኽቲ ናይ ኣላህ ንኽበጽሖን ካብኡ ምስ ዝዝንብዕ ካኣ ሕማቕ ሳዕቤናታ ይጽበዮ ከምዘሎ ምሕባርን ኣብ ርእሲ ምኻኑ:ረሱል ተሰሚዕዎም ዘይፈልጥ ብርቱዕ ስንባደን ከምዝስምዖ ምግባር እዩ::

2. (**ንጎይታኻ(ኣላህ)ሞግስ**) ማለት ካኣ:እቲ ኣብ መሬት ክህልው ዝግበኦ ፍሉይ ሞግስን ምልዓልን ንሓደ ረቢ ጥራይ ከምዝኾነ ክበርህ ኣለዎ::

3. **ክዳንካ ኣጽርይን ካብቶም ጣኦታት (ኣሩጅዝ)ተኣላይ** :ዝብል ካኣ :እቲ ንግዳማዊ ኮይኑ ውሻጣዊ ናይ ምጽራይ ዝካየድ ጻዕሪ ክብ ክብልን ክብርትዕን ከመዘለው የመልክት::ረሱል እውን ንነፍሱ ካብ ዝኾነ ጽዩፍነትን ጎዳኢ ጠባያትን ነጻ ክገብራ ከምዝግበኦን ኣዝዩ ክጽዕር ከመዘለዎን እንደጋና ትሕብር:: ምኽኒያቱ ኣብ ትሕቲ ጽላል ራሕማን ብርሃንን ቅኑዕ መምርሒን ናይ ኣላህ ኮይኑ ንመላእ ኣህዛብ ኣብነት ክኸዉን ስለ ዝሕተት::ኣብነት ምስዝኸዉን ጥራይ ካኣ እዩ ንብዙሓት ጥዑይ ቀልቢ ንዘለዎም ኣብ ክሊ እዚ ሓዲሽ መልእኽቲ እስልምና ከእቱ ዝኽእል::

4. **ዕጽፍታት ክምለሰልካ ኢልካ ኣይትሃብ (ኣይትትኮብ)** ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንኣላህ ኢሉ ዘካይዶ ቃልሲ ዓብይ ሽልማት

ከምጻኣሎ ኢሉ ክርደኦ የብሉን::እቲ ዘበርክቶን ጻዕርን ዘካይዶ ቃልሲ ከም ብዙሕ ክሪኦ የብሉን በንጻሩ:ኩሉ ንዝፍጽሞ ጻዕሪን ዘካይዶ ቃልሲ ሽሕኳ ይብዛሕ:መሊሱ ክጽዕር ከም ዘለዎ ይሕብር::ረቢ ኣሪኦ ከምዘሎ ብምፍላጥ ድማ ብንጽህና ነዚ ተግባር ከማልእ ትጽውዕ::

5. **ምእንቲ ጎይታኻ ዕጉስ ኩን እዛ ናይ መጨረሽታ** ክፋል ካኣ:ኣብ መገዲ ጻዊዕቱ :ብዙሕ ዕንቅፋት ከምዝረክብን ብፍላይ ካብቶም ደረቓት ተማጎቲ ቁራይሽን ካለኦትን:ኣብ መጻኢ ግዜ ንዕኡን ንሳዓብቱን (ሰሓባ)ዝረኽብዎ ግፍዕን ስቓይን ኣመተሉ::እቶም ካሕዳናት ንነቢ ከቆናጽብዎን ክሳብ ሂወቱን ሂወት ሰዓብቱን ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕ ክትናኾሉዎን ከምዝኾኑ ተርደእ::ረሱል ብወገኖም ካኣ ኣብቲ እዚ ዘጋጥሞ ኩነታት ዕጉስ ክኸውን ከምዘለዎን:ተዓጊሱ ምእንቲ ኣላህ ክፈትወሉ ብርቱዕ ሓቦ ከርኢይ ተዘኻኺር::

እዘን ፈለምቲን መሰረታውያንን ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ነብይ ሙሓመድ ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰልም ክርደኣን ዝነበሮ:ቀለለቲ ቃላትን ትእዛዛትን ዝመስሉ:መሳጢ ህርምታት ዝፈጥሩ:ኣብ ተግባር ግን ኣዝዮም ዓቢ ጽላዋ ዝገድፉ ትቕስታት እዮም ኔሮም::ምንጪ ዳሕራይ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝተዘርገሐ እምነት ምስልምና ነበሩ::

እዘን ጥቕስታት እውን ቀንዲ ትሕዝቶ ኣገባብ ዳዕዋን ሜላ ናይ መልእኽቲ ኣላህ ናይ ምብጻሕን ሒዘን ይርከባ::መጠንቀቕታ እንተሎ ጌጋታት ይግበር ከምዘሎን ከም ውጺኢቱ ኻኣ:እቶም ግጉያት ክቕጽዑ ምኳኖም ርዱእ እዩ::እዚ ዝገብርዎ ዘለዎ ሓጥያታት ተነጊርዎም ግቡእ እጃም መቕጻዕቶም ዝወስድሉ ኣብዛ ዓለም ጥራይ ከምዝይኮነ እንተተፈሊጡ የውመልቂያማ(መወዳእታ ዓለም ትንሳኤ) ከምዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን::በዚ ኣቢሎ ኻኣ እዛ ንነብራ ዘለና ሂወት ዓለም ካልእ ሂወት ክህሉ ምኳኑ ርዱእ ይኾነልና ይኸዉን ማለት እዩ::

ኩሎም ጥቕስታት ቁርኣን ንደቂ ሰባት ኣብ ሓደውነት ኣላህ: ሓደ ከም ዝኾነ ኣ( ተውሒድ) ብግልጺ ክኣምኑን ኣብ ኩሉ ጉዳያቶም ኣብ ኣላህ ግጽግዑን( ክውከሉን) ይሕብሩ::

እስልምና ብሕጽር ዝበለ ካብቲ እተገልጸ ከምዚ ይመስል:

- ብሓደውነት ኣላህ( ተውሒድ)ኣሚንካ ምምስካር::
- ብኣኼራ መወዳእታ ዓለም( መዓልቲ ፍርዲ) ምእማን
- ንነፍስን መንፈስን ካብ ኩሉ ናይ ጥፍኣትን ጽዩፍነትን ናጻ ምግባርን ምንጻህን ምጽራይን በንጻሩ ጽቡቕ ስራሕታ ምፍጻም::
- ኩለንትናዊ ወዲሰብ ኣብ ልዑል ጎይታ ኣላህ ምጽጋዕ( ምውካል)
- እዘን ነጥብታት ካኣ ኣሰር ናይ ነብይ ሙሓመድ ምኽታልን ናቱ መምርሒ ብምጽዓብን ክትግበር ናይ ግድን እዩ::

እዘን ካብ ኣላህ ዝወረዳ ጥቕስታት ንሰይድና ሙሓመድ ዕማሙ ድሕሪ ምብራህን ምግላጽን ጻውዒት ናይ ምስልምና ንኽጅምር ኣላህ ይእዝዞ::እዘን ቃላት ወይ ጥቕስታት ንሰይድና ሙሓመድ ካብ ድቃሱን ምውቑን ቅሱንን ናብራኡ መንዚዐን ናብቲ ሓዲሽ ጎደና ምስልምና :ብዙሕ ሽግር ዘለዎን ከቢድ ናይ ዳዕዋ ቃልሲ ዘድልዩ ክሰጋገር ዝዓለሙ ነበሩ::

(يَا أَيُّهَا الْمُدَّثِّرُ (1) قُمْ فَأَنذِرْ (2 ኦ:ኣንታ እትሽፈን ዘለኻ:ተስእ ተበራበር (ኣጠንቅቕ):
ንነብስኻ ጥራይ ምንባር ኣዝዩ ቀሊል እዩ::እንስኻ ግን ከቢድ ዝኾነ ሰኸም :ሓላፍነት ምስልምና ንመላእ ደቂ ሰባት ምብጻሕ:ክትሰከም ሓላፍነት ተዋሂቡካ ኣሎ::ስለዚ:ድቃስ:ምቾት:ምዉኽ ዓራት ንዓኻ ኣይኮነን:
ኦ ሙሓመድ ብቕጽበት ቀልጢፍካ ተበራበር: ቃልስን ጻዕርን ይጽበየካ ኣሎ::ንድቃስን ምቾትን ዝኸዉን ግዜ የልቦን::
እብዚ ክጥቀስ ዘለዎ:ድሕሪ እዚ ጻውዒት እዚ:ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰልም ከምቲ ረቢ ሓላፍነት ዘሰከሞ:ሓላፍነቱ ብምርዳእ ብተፋይነትን ብርቱዕ ቃልሲ ኣካይዱ እዩ::እቲ ተዋህቦ ናይ ዳዕዋ ሓደራ ብግቡእ ን20 ዓመት ዝኸዉን:ከቢድ መስዋእቲ ከምዝኸፈለን ጽዑቕ ጻዕሪ ከምዘካየደን:እዚ እንነብሮ ዘለና ኣብ ሃዋህው ብርሃን ምስልምና ይምስክሮ እዩ::

**ኣብ መጻኢ ሕታምና ኻኣ ነቲ ረሱል ዘካየድዎ ጻዕሪ በብእዋኑ ኢንሻኣላህ ከነቕርብ ኢና ::**

................................................................................................................................

## ሓበሬታ-ሓበሬታ-ሓበሬታ

### ሓዲሽ ኣብ መርበብ ኢንተርነት:

ክቡራት ኣንበብቲ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ክልተ ሓደሽቲ ንእስላማዊ ኣስተምህሮ ዘንጸባርቓ web ቆይመን ከምዘለዋ ክንሕብረኩም ደስ ይብለና::ብዙሕ ሙሓዳራት( እስላማዊ መደረታት) ናይ ሸይኽ ኢባራሂም ስራጅን ናይ ሸይኽ ፋይድን ካለኦትን ሒዘን ቀሪበን ኣለዋ:ብቐረባ ባዕልኻ ንኽትላለየን እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ነቕርበልካ::

www.alhuda1.com
www.aldawa.de
www.rabitah.net
www.eretreanmuslims.com

## *ሽርሕ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ:*
## *ሓዲስ ቁ (2) ን ሓፈሻዊ ትንተናኡን* ቁ:(4)

ተርጓሚ:ዕብደልዓሊም ስዒድ በያን

## *ሰላት ምፍጻም*

ሰላት ምፍጻም ማለት ካኣ ቅኑዕን ጽፉፍን ዝኾነ ሰላት( ስግዳን) ክትሰግድ ማለት እዩ። ሰላት ቅንዕቲ ንኽትከውን ቅድሚ ኩነትን ዓንድታትን ግቡኣትን ናይ ሰላት ብግቡእ ኣማሊእካ ክትፍጽማ ማለት እዩ ፡
ነዚ ዝሓለፈ ምትንታን ኣየድልን እዩ ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ኣልፊቕህ ተተንቲኑ ስለ ዘርከብ ፡ ኣባህላ ሉኡ ኣላህ ሰላት ድማ ሰላት ፈርዲ(ግደታ) ወይ ናፍላ ዘጠቓልል ክኸውን እንከሎ ፡ ሰላት ኣልጅናዛ ምስኡ ትኣቱ ድያ ወይስ ኣይፋሉን ?
እንተደኣ እቲ ሓፈሻዊ ብህሊ ርኢና ሰላት ኣልጅናዛውን ሰላት ተቆጺራ ኣብኡ ክትኣቱ ትኽእል እያ ።
ረቢ ዓዛ ወጀል ኣብ ሱረት ኣልቶባ ኣብብ ጥቕሲ ቁ.84) ይብል:

وَلا تُصَلِّ عَلَى أَحَدٍ مِنْهُمْ مَاتَ أَبَداً وَلا تَقُمْ عَلَى قَبْرِهِ إِنَّهُمْ كَفَرُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَمَاتُوا وَهُمْ فَاسِقُونَ (84)

ብኻልእ ሸነኽ ኻኣ ሰላት ኣልጅናዛ ሃንደባዊት ሰላት ስለ ዝኾነት ነቲ ምዉት ሽፋዓ ክትኾና ብዝብል መሰረት እያ ትስገድ እሞ እቲ ሰላት ኣብዚ ሓዲስ ተጠቒሱ ዘሎ ኣይምልከታን እዩ ንብል ፡ ግን ኣብቲ ሓፈሻዊ ትእዛዝ ናይ ሰላት ትኣቱ እያ ።

## *ዘካት(ምጽዋት) ምፍጻም*

ቱእቲ ኣልዘካት: ማለት ትህብ ማለት እዩ ፡ ዘካት ድማ እቲ ማል (ጥሪት:ገንዘብ:ፍረ ሕርሻ :እንስሳ የጠቓልል ) እቲ ዋጅብ (ግድን ) ክወጽእ ዝግባእ ካብቲ ክዝከዮ ዝግባእ ማል ፡ ንረቢ ክግዝኦ ብዝብል ምኽንያትን ነቲ ዘካት ዝግበኦ ሰብ ምሃብ ማለት እዩ ።
ንኣብነት ዘካት ናይ ገንዘብ እሱ ድማ ርብዒ ካብ ዓሰርታዊ ማለት ሓደ ካብ ኣርበዓ: እዚ ወሲድካ ነቲ ዝግበኦ ሰብ ምሃብ ማለት እዩ ።
ኣላህ እቶም ሸሞንተ ሰባት ዘካት ክወሃቡ ዝግበኦም ኣብ ሱረት ኣልቶባ ገሊጹዎም እዩ ፡ ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ይብል:

إِنَّمَا الصَّدَقَاتُ لِلْفُقَرَاءِ وَالْمَسَاكِينِ وَالْعَامِلِينَ عَلَيْهَا وَالْمُؤَلَّفَةِ قُلُوبُهُمْ وَفِي الرِّقَابِ وَالْغَارِمِينَ وَفِي سَبِيلِ اللَّهِ وَابْنِ السَّبِيلِ فَرِيضَةً مِنْ اللَّهِ وَاللَّهُ عَلِيمٌ حَكِيمٌ (60)

ኣብዛ ሱረት ኣልቶባ ዘጠቕሱ ሰባት ዘካት ክንህቦም ናይ ግድን ከምዝኾነ ብኣላህ ተኣዚዝና ኣለና:: ንኻልኦት ዘካት ኢልና ክንህብ ኣይግባእን እዩ ። ትንተና ናይ ኣገባብ ዘካት ምሃብ ኣብ መጻሕፍቲ ብሰፊሑ ክርከብ ስለዝኽኣል ኣብዚ ምትንታን ኣድላይ ኣይኮነን ።ሰፊሑ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ ፊቕህ ተዘርዚሩ ኣሎ::

## *ሮመዳን ምጻም*

ንረቢ ክትግዝኦ ብምባል ካብ እቲ ካልኣይ ፈጅሪ ምስ ወጸ ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ካብ ዝኾነ ሙፍጥራት ነገር ነፍስኻ ክትክልክላ: እቲ ሙፍጥራትውን ፍሉጥ እዩ ።ኣብዚ ምትንታን ኣየድልዮን እዩ ፡ ግን ኣብዚ እቲ ኣገደሲ ነገር ከንስተባህለሉ ዝግባእ ፡ እተን ሙፍጥራት ነቲ ጸዋማይ ከፍጥሮኦ ዘበቕዓ በዘን ሰለስተ ቅድሚ ኩነት ጥራይ ኢየን ።

- እቲ ጸዋማይ ዘፍጥር እዋን ምኻኑ ዝፈልጥ እንተደኣ ነይሩ.
- እቲ ጸዋማይ ጸይሙ ከምዘሎ ዝዝከር እንተደኣ ኮይኑ .
- ነቲ ዘፍጠር ነገር ብድልየቱ ከይተገደደ እንተደኣ ፈጺምዎ.

እንተደኣ እቲ ጸዋማይ ግዜ ገና ዘሎ መሲልዎ እሞ እንዳ በለዐ ከሎ ፈጅሪ ኣትዩ ጾሙ ቁኑዕን ምሉእን እዩ ፡ ከምኡውን ጸሓይ ዓሪባ መሲልዎ ምስ ዝበልዕ ግን ጸኒሑ ከም ዘይዓረበት ተረዲኡ ጾሙ ቁኑዕ እዩ ፡ መርትያ ናይዚ ነገርዚ ድማ ካብ ኣስማእ ቢንት ኣቢ በክር ረድየ ኣላሁ ዓንሁማ ኣልቡኻሪ ዘዘንተዎ ሓዲስ ይብል: ኢላ ( ኣስማእ) ( ሓደ መዓልቲ ኣብ ግዜ ረሱል ሰማይ ብግመ ተሸፊና መቅረብ ኣትዩ እዩ እልና ኣፍጢርና ድሕሪኡ ጽንሕ ኢላ ጸሓይ ወጸት ፡ ረሱል ዓ.ሰ.ወ. ክንቀድያ ኣይ ኣዘዘናን ) ሓዲስ ሰሒሕ ።

ቀዳእ ናይዛ መዓልቲ ግድን እንተዝነብር ፡ ነብይ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ሸዑ መብረህዎ ነይርም ፡ናባና ድማ ምተመሓላለፈ ነይሮ ፡ ልክዕ እንተደኣ ምቅዳዩ ዋጅብ ነይሮ ፡ ቀዳእ ካብቲ ሸሪዓ ናይ ኣላህ እዩ ፡ ናይግድን ድማ

ክመሓላለፈልና ነይሩዎ ፡ ግን እዚ ነገርዚ ኣብቲ ሓፈሻዊ ብህሊ ናይዛ ጥቅሲ ቁርኣን ካብ ሱረት ኣልበቀራ ኣያ ቁ: 286 ይኣቱ እዩ :

رَبَّنَا لا تُؤَاخِذْنَا إِنْ نَسِينَا أَوْ أَخْطَأْنَا

ከምኡውን ሱረት ኣልኣሕዛብ ካብ ጥቅሲ 5።

وَلَيْسَ عَلَيْكُمْ جُنَاحٌ فِيمَا أَخْطَأْتُمْ بِهِ وَلَكِنْ مَا تَعَمَّدَتْ قُلُوبُكُمْ

ከምኡውን ብዘይድልየቱ እንተደኣ በሊዑ ወይ ሰትዩ ማለት ተገዲዱ ጾሙ ቁኑዕ እዩ ፡ ካብቲ ምግዳድ ንኣብነት ሰብኣይ ንሰበይቱ ጸይማ ከላ ኣገዲዱ እንተደኣ ጾታዊ ርክብ ምስኣ ፈጺሙ: ጾማ ቅኑዕ እዩ ፡ ቀዳእ ( ምድጋም) ኮነ ወይ ከፋራ ኣየድልያን እዩ ።
እዚ ነገር እዚ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ፡ ብዙሓት ፍቀሃኣ ኣለዉ ዝብሉ “ ወዲ-ብሰ ኣብ ምጅማር መዓልቱ ይኹን ወይ ግዜ ምዕራብ ጸሓይ ግዚ ገና ምኻኑ ብዘይ ፍላጥውን እንተበሊዑ እሞ ዳሕራይ እንተደኣ ፈሊጡ ክቀድዮ ኣለዎ ፡ ግን ኣብዚ ክባሃል ዘለዎ <.እቲ ጾም ዝኣዘዘ ኣላህ እሱ እዩ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ስክፍታ ዘልዓለሎም ፡ ስለዚ ቃዳ ኣየድልይን እዩ ።

## ***ሓጅ ምፍጻም***

ወተሑጅ አልቤት ማለት ካኣ: ንኣላህ ክትግዘኦ ኢልካ መናስክ ንምትግባር ኣብ ውሱን ግዜ ናብ ካዕባ ምኻድ ።
ዑምራ ኸኣ ኣብ ሓጅ አልቤት ይኣቱ ድዩ ወይስ ኣይፋሉን ?
ኣብዚ ኣብ መንጎ ዑለማእ ናይ ርኢቶ ፍልልይ አሎ ፡ ገለ ካብኣቶም ዑምራውን ትኣቱ እያ በሉ:: አልረሱል ከምዚ ስለ ዝበሉ ( ዑምራ ንእሽተይ ሓጅ እዩ ) ሰሒሕ ብዙሕ ርዋያት ኣብዚ ሓዲስ ናይ ዑምራ ምጥቃስ ዘለዎ ፡ ግን ዑምራ ከም ሓጅ ኣይኮነን ፡ ካብተን ሓሙሽተ ናይ እስልምና ዓንድታት ኣይኮነትን ፡ ግን ዋጅብ እያ እቲ ናይ ምፍጻም ቅድሚ ኩነት ከማልእ ዝኽኣለ ኣንተደኣ ዑምራ ዘይፈጺሙ ዘንቢ ኣለዉ::

መን እስተጣዕ ኢለይሂ ሰቢላ ፡- እዚ ድማ እቲ ሓጅ ምሕጃጅ እኹል ክእለታት ምስ ዝህልወካ ፡ ክእለታት ትብል ቃል ካብ ዘረባ ኣላህ ኣብ ሱረት አልዒምራን ጥቕሲ ቁ.97 እያ ተወሲዳ : ኣላህ ዓዛ ወጀል ይብል:

وَلِلَّهِ عَلَى النَّاسِ حِجُّ الْبَيْتِ مَنْ اسْتَطَاعَ إِلَيْهِ سَبِيلاً

ምናልባት ዝብል ሰብ ይህሉ “ እዚ ቅድመ ኩነት እዚ ንኹሉ ዒባዳት ዝምልከት ዶ ኣይኮነን :ኣብ ሱረት ኣልተቓቡን ን ጥቅሲ 16 ከምእተጠቕሰ ፡

فَاتَّقُوا اللَّهَ مَا اسْتَطَعْتُمْ

ስለምንታይ ኣብ ሐጅ ብፍላይ ዝጥቀስ ንዝብል ሕቶ?” ።
ንብል ዝኸነ ዒባዳ ንምፍጻም ዓቕሚታትን ክእለታትን እዩ ፡ ግን ኣብ ሓጅ ምጥቃሱ ግን መብዛሕትኡ ንጥፈታት ኣብኡ ዝካየድ ብዙሕ ድኻምን ተዓብን ዘይምኽኣልን ስለዘለዎ እዩ ኣብዚ ተጠቕሰ ::
እምበር ኩሉ ዒባዳት ክእለት የድልዮ እዩ ።

ቃለ ሰደቕት ፡-
ሓቅኻ ኢኻ በለ ፡ ሓቂ ነጊሩ ማለት እዩ ፡ በሃላይ ድማ ጅብሪል ዓለይሂ ሰላም እዩ ነይሩ ። ሰይድና ዑመር ይብል ብጣዕሚ ተገሪምና : ሓቲቱ ከብቅዕ ሓቐኛ ኢኻ ኢሉ ድማ ይምልስ ፡ እቲ ክንግረም ዝገበረና ነገር ድማ ኩሉ ግዜ ሓደ ሓታታይ ዝሓትት ንኽፈልጥ ስለ ዝደሊ እዩ: ግን ሓቲቱ ከብቅዕ እቲ ሓቅኻ ኢኻ ምባሉ ኣቐዲሙ ይፈልጥ ከምዝነበረ እዩ ዝሕብር:: እዚ ነገር ንምርድኡ እውን ኣሸጊሩና:: ንምሳለ ሓደ ሰብ ኣብ ኡኩብ ሰብ ኮይኑ እከለ መጺኡ አሎ እንተበለ ገለ ሰባት ካብቶም ኡኩባት ሓቀኛ ኢኻ ክብልዎ እዮም ፡ እዞም እወ ዝበሉ ሰባት ብምምጻኡ አቀዲሞም ስለ ዝፈለጡ ማለት እዩ ፡ እሞ ከመይ ገይሩ ጅብሪል ንቅድም ይሓትት ጸኒሑ ኻኣ ሓቀኛ ኢኻ ዝብል ፡ እዚ እዩ እቲ ዘገርም ነገር :: ምኽኒያት ግ ኣለዉ ክንገልጾ ካኣ ኢና::
ጂብሪል ንዝስዕብ ሕቶኡ ከምዚ ኢሉ ኻኣ ኣቕረቦ:
***ቓለ ፈኣኽብርኒ ዓን ኣልኢማን*** ፡-ብዛዕባ ኢማን ነገረኒ በለ ::ጅብሪል ይብል ኣሎ ኦ ኣንታ መሓመድ ብዛዕባ ኢማን ንገረኒ ? ኢማን አብ ቛንቛ ተቀበለ ,ተኣመነ, ተገድድካ መብጸዓ ምእታው ምምእዛዝ ማለት እዩ ፡እሱ ድማ ምስቲ ሸርዕ ዝቃዶ እዩ ።
ነዚ ሕቶ ናይ ጅብሪል ብዝምልከት ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንዝመልስዎ መልሲ ኣብ መጻኢ ሕታም ኣልሁዳ ቁ:18 ኢንሻኣላህ ከነቕርብ ምኻና ንሕብረኩም::

# ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣያ(ጥቕሲ)ቁርኣን

*ብኣቡ ዓብዱራሕማን*

## ***<u>ቶባ ምግባር</u>***

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ: እቲ ልዑል ጎይታና ንዓና መምርሒኡን ሕጉን ተኸቲልና ጽቡቕ ናብራ ክንነብር እዩ ዝደልየልና::ብተወሳኺ ካብዛ ሓላፊትን ተራፊትን ናብራ ናይ ኣዱንያ ተፊሊና ኣብታ ናይ ዘልኣለም ጀና ንኽንኣቱ ኻኣ ድልየት ናይ ረቢ እዩ::ኣላህ ግን ንዓና ኣእምሮ ንኽንመዝንን ብነጻ ድልየትና ንኽንውስን ዓቕሚን ክእለትን ለጊሱልና::በዚ መሰረት መንገዱ ተኸቲልና እንተተንዒዝና ጀና ይእትወና::ካልእ መንገዲ መንገዲ ስሕታን እንተዳኣ መሪጽና ኻኣ ገሃነም ንኣቱ::

ከም ደቂሰብ ብዙሕ ጉድለታት ስለ ዘለና ኣብ መንገዲ ጉዕዞና እውን ብዙሕ ስለ እንጋገ:ኣላህ ናይ ቶባ ማዕጾ ኩሉ ግዜ ከፊቱልና ኣሎ::ካብቲ ብድኽመትናን ተደሪኽናን ተጸቒጥና እንፍጽሞ ሓጥያትን ዘንቢን ካኣ:ብቑልጡፍ ቶባ ኢልና ኣላህ ክሓድገልናን ክቕፍረልናን ብትሕትና ክንሓቶ ይግባእ::

ቶባ ማለት ካኣ: ረቢ ሕደገለይ እትብሎ ቃላት ቅድመ ኩነት ዝኾነ ኣገባብ ከምዘለዎ ክንስሕቶ ኣይግባእን::ቅድም ቀዳድም ካብቲ እትፍጽሞ ጌጋ ብቕልጡፍ ጠጠው ምባልን: ካብኡ ምርሓቕን:ብተወሳኺ ብዝፈጸምካዮ በደልን ዘንብን ካኣ ብልብኻ ምጥሓስ:ድሕሪኡ እውን ናብቲ ዘንቢ ካላኣይ ዘይምምላስ::
እዚ እንተዳኣ ተማሊኡ ጥራይ እዩ ኻኣ: እቲ ተውባ ተቐባልነት ብኣላህ ክህልዎ ዝኽእል:

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልታሕሪም ጥቕሲ( ኣያ)ቁ:(8)ከምዚ ይብል:

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا تُوبُوا إِلَى اللَّهِ تَوْبَةً نَصُوحاً عَسَى رَبُّكُمْ أَنْ يُكَفِّرَ عَنْكُمْ سَيِّئَاتِكُمْ وَيُدْخِلَكُمْ جَنَّاتٍ تَجْرِي مِنْ تَحْتِهَا الأَنْهَارُ يَوْمَ لا يُخْزِي اللَّهُ النَّبِيَّ وَالَّذِينَ آمَنُوا مَعَهُ نُورُهُمْ يَسْعَى بَيْنَ أَيْدِيهِمْ وَبِأَيْمَانِهِمْ يَقُولُونَ رَبَّنَا أَتْمِمْ لَنَا نُورَنَا وَاغْفِرْ لَنَا إِنَّكَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ (8)

ሓፈሻዊ ትሩጉሙ ኻኣ:

(( ኦ ኣንቱም ብኣላህን ብልኡኹ ሙሓመድ ዝኣመንኩም ብመሰረት ሸርዑን ሕጉን ናብራኹም እትመርሑ:ካብቲ እትፍጽምዎ ሓጥያታት( ዘንብታት)ተገላጊልኩምን ርሒቕኩምን ናብ ረብን ትእዛዛቱን ተመለሱ::ምእንቲ ኣላህ ንሓጥያታትኩም ክሓድገልኩምን ኣብ: ኣብ ትሕቲኣ ማይ ዝውሕዝ ጀና ከእትወኩም:: ኣብዚ ብርቱዕ መዓልቲ እዚ ካኣ ንነብይ ኮይኑ ንሙእሚኒን ካብቲ ስቓይ ናይ ገሃነም ኣላህ ከድሕኖም እዩ። ቅድሚኦም ብርሃን ይበርህ::ከምዚ ካኣ ይብሉ( ኦ ረብና እዚ ብርሃን እስከ መላኣልና ክሳብ መንገዲ ጀና ሰጊርና ናብ ጀና እንኣቱ::ሓጥያታትና ካኣ ሕደገልና:ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ስለ ዝኾነ))

እሞ ክቡር ሓውና:ስራሓትካ መዚንካ ነቲ ጽቡቕ እትፍጽሞ ተግባራት እናወሰኽካን ረቢ እናኣመስገንካን:በንጻሩ ካብቲ እትፍጽሞ በደልን ዘንብን( ሓጥያትን) ካኣ ተገላጊልካ ናብ ረብኻ ክትምለስ ባዕሉ እቲ ልዑል ጎይታ እነሆ ይጽዋዓካ::ቶባ ኢልካ ብእትብድሎ ዘለኻ ዘንብታት ጠጠው ኣቢልካ ብምጣዓስ ናብ ረብኻ ክትምለስ ካኣ ይላበወካ::ኩላትና በዘን መምርሒ ጥቕስታት ክንሰርሕ ካኣ ረቢ ክሕግዘና ብትሕትና ንልምኖ ::

## ዱዓእ-ዱዓእ-ዱዓእ

ልኡኽ ናይ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝበዝሐ ግዜ በዛ ጥቕሲ ቁርኣን ዱዓእ( ጸሎት) ይግብር ከምዝነበረ ይፍለጥ:

### (( ረባና ኣቲና ፊዱንያ ሓሰናተን ወፊልኣኺራቲ ሓሰነተን ወቒና ዓዛበንናር))